# ዳግም ውለድዮ

ወሊሶ ፀባ ጡብ - መዕበዪት ከያኒ፣
ማህፀንኺ ከይልቆም - ሕድሪ ከይትመኽኒ፣
ከቢድ ሕቶ ኣለኪ - እትምልስዮ፣
ንብዓት ፍኽሪ ኪነት - እትሕብስዮ፣
ዳግም ድቂ ሓዚ - ንጉስ ክትወልዲ፣
ሞንጓድ ኣባጊሕኺ - ሕዙን ትእብዲ፡፡
ልኡኽ ህዝቢ ኮይኑ - ንዓለም ክዘራ፣
"ኢትዮጵያ" ፀሪሑ - ንክሰምያ ኣውራ፣
መድረኽ ከይበክት - ክረስን ጎያሊ፣
ቆልዓ ሎሚ ይኹን - ቆልዓ ናይ ትማሊ፣
ዳግም ውለድዮ - ከይትገብሪ ዓቕሊ፡፡

ንቡር ጥሓስዮ - ሕግታት ተፈጥሮ፣
ዳግም ትንፋስ ይስራዕ - ከርስኺ ይፅሮ፣
ኣምሳል ጥበብ ሒዙ - ክክይን ልሳኑ፣
ስሒቼ ነቢው - ሳዕሲው ሓዚኑ፣
ብቅኒት "ኣምባሰል - ኣንቺሆየ ባቲ"፣
ብላዛ "ትዝታ" - መሲጡ ዘዛቲ፡፡
ማሕዘልኺ ይረአ - ሽሉም ሻሕሻሕትኡ፣
ባባይ ሩሩ በሊ - ሓዚልኪ ንዑኡ፣
ኒሕ ይሓዝኪ ሎሚ - ሓቦ ሓቦ በሊ፣
ዘይበፅሖ ከይምካሕ - ኣዶ ተሸምገሊ፡፡

"የዘምባባ ማር ነሽ፣ ዋይዋይ፣ ፍቅር ከኛ፣
ይሁን ማስታወሻ፣ ድማም ..." ምንጃር፣ ኦሮምኛ፣
ኣእላፍ ፍርያቱ - ክድመፅ ዓምቢሩ፣
ቃንኡ ክሳሓል - ከስቆንቁን ከም ወትሩ፣
ንፍኽሪ ንፅልኢ - ንብሕታውነት፣
ንሃገር ንህዝቢ - ንጥንኩር ምሕዝነት ...፣
ናቱ እንድዩ መድረኽ - ይውፃእ ኣበነብሲ፣
ጅግና ከይርታዕ - ከያኒ ተውሓሲ፡፡
ምሕፅንታ ሰብ ስምዒ - ስጡም ተቐነቲ፣
ተጨረሚ ቃነዛ - ደብሲ ነባዕቲ፡፡
ሓራስ ሓራስ ይጭነው - ጓጓኺ ወሊሶ፣
ዳግም ውለድዮ - ጥሌ ንመልሶ፡፡

ኣብርሃ ታደሰ በርሀ

15 ሚያዝያ 2001ዓ.ም